# ሰንበት ዘአስተምህሮ ናክብር ሰንበቶ

## ሰነ 23 2016 ዓ.ም. (6/30/2024)

**መዝሙር፡** **ናክብር ሰንበቶ በጽድቅ. .** ነቲ ንብሕቱ ዝኾነ ሰንበቱ ነኽብር ስርዓቱ ኸአ ኣይንሕደግ፥ ሓቀኛ እዩ ብሓቂ ኣብ መንግሱቱ ይገዝእ። እግዚአብሔር ምስ ጸብሔ ምሕረቱ ይህበና ንሕና ኸአ ክነመስግኖ ቅኑዕ እዩ። ኣምላኽና ኣምላኽ ድኅነት እዩ ዝስኣኖ የብሉን ኩሉ ዝኽእል እዩ። ቃሉ ሓቂ ነገሩ እሙን እዩ። ኣምላኽ ዝገብረልና ርኢና ክንክእል እሞ ክነምስግኖ።

**ንባባት፡** ሮሜ 5፡12-18፥ ያዕ. 4፡11-17፥ ግ.ሓ. 16፡1-6፥ ማቴ. 22፡1-14

**ስብከት፡** ኣንተሰ እግዚኦ መሓሪ ወመስተሣህል፥ ርኁቀ መዓት ወብዙኅ ምሕረት ወጻድቅ፥ ነጽር ላዕሌየ ወተሣለኒ። ንስኻ ኦጎይታ መሓርን ይቕረ በሃላይን ኢኻ፥ ካብ ምዓት ርሑቕ ብዓልን ብዙሕ ምሕረትን ጻድቕን ኢኻ፥ ኣባይ ጠምት እሞ ምሓረኒ መዝ። 86።

ሓደ ካብቲ ብልቢ ክነምስግኖ ምቹእ ዝኾነ ዕለታት መዓልቲ ሰንበት እዩ። ብኃጢኣትና ተነሲሕና ኣብ መኣዲ ቅዳሴ ተሳቲፍና ሥጋኡን ደሙን ክንስሰ ከሎና ዓቢ ጸጋን በረኸትን ኣልኦ። ብመዓልቲ ሰንበት ናይ ምሕረት ስራሕ ክንገብር ስኡን ክንዕንግል ብኡስ ክንዓርቕ ግቡእ እዩ። ኣምላኽ ሎሚ ከም ቀደም ንምዓልቲ ሰንበት ኣኽብርዋ ይብለና ኣሎ።

## ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ይዕድመና።

ናይ ሎሚ ወንጌል ኢየሱስ ብምሳሌ ገሩ ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ምስኡ ክንከውን ኣብ ሓጎሱን ኣብ ጸግኡን ክንከውን ከምዝዕድመና ይነገረና። እዚ ናይ ሎሚ ምሳሌ ኣይሁድ ንኢየሱስ ከም መስሕን ጎይታን ምጃኑ ምቕባል ምስ ኣበዩ ዝተዋህበ እዩ። እቲ ከም ንጉሥ ተሓሲቡ ዘሎ እግዚኣብሔር እዩ። እዚ ንጉሥ ንመርዓ ወዱ ((ኢየሱስ እቲ መስሕ) ኢሉ ኣብ ዝገበሮ ግብጃ ክሳተፉ ንዝደለዮም ልኡኻቱ ልኢኹ ዕድመ ልኢኽሎም። ኣብዚ እዋን ኣብዚ ዘሎናዮ ሃገር ብፍላይ ንሕና መርዓ እንገብረሉ ጊዜ እዩ ብዙሓት በዚሑ እናተባህለ ክዝረብ ይስማዕ፥ ከምኡ (graduation) ግራድወሸናት በዚሑ ቢዝነስ ኮይኑ እናበሉ ዝዛረቡ ኣለዉ ብዝኾነ ናይ ሎሚ ወንጌል ኣዛሚድና ክንርእዮ ንኽእል። ኣዚ ወንጌ7ል እቶም ዕዱማት (ኣይሁድ) ምምጻእ ኣብዮም ነናቶም ምኽንያት ከኣ ኣቕሪቦም። ገሊኣቶም ሕሉፍ ሓሊፍዎም ነቶም ልኡኻት ንጉሥ ገሪፎም ኣዋሪዶም ሰዲዶሞም። (እዚ ኣብ ልዕሊ ነብያትን ቀዳሞት ክርስትያን ናይ ዝተፈጸመ ኣምሳል እዩ)።

እቲ ንጉሥ በዚ ተቖጢዑ ወተሃደራቱ ልኢኹ ነቶም ቀተልቲ ልኡኻቱ ኣጥፊእዎምን ንዓዳቶም ኣቃጺልዎ። እዚ ምስቲ ቲቶ ዝተባህለ ሮማዊ ንጉሥ ብወተሃደራቱ ገሩ ንኢየሩሳልም ብ70 ዓ.ም. ዘጥፍኦ ዘመልክት እዩ። ብ70 ዓመተ ምሕረት ናይ ኣይሁድ ምንጪን ማእከልን ዝኾነ ቤተ መቕደስ ተደምሲሱን ዓንዩን ካብኡ ንድሓር ቤተ መቕደስ ኣይተሃንጸን ቤተ መቕደስ ስለ ዘየለ ኣይሁድ መስዋዕቲ ኣየዕርጉን እዮም። ኣብዚ እዋን ኣብቲ ቦታ መስግድ ኣስላም ተሃኒጹ ይርኤ፥ ኣስላም ኣብርሃም ንይስሓቕ ወዱ ክስውዓሉ ዝፈተነ ቦታ እዩ ኢሎም ስለ ዝኣምኑ ንኢየሩሳሌም ድሕሪ ምስፍሕፋሕ ምስልምና ተቖጻጺሮም ኣብ ዝሓዙሉ እዋን ኣብኡ መስግድ ሰሪሖም ግሩም ህንጻ እዩ።

## ንዕድመ ኣምላኽ ምእባይ፡

እቶም ዝተዓደሙ ምምጻእ ስለ ዝኣበዩ እቶም ልኡኻት (ኣርድእቲ ኢየሱስ) ኣብ ኩሉ ጎደናታትን ቀራና መገድን ዝረኸብዎ ኣብ መርዓ ክሳተፉ ክዕድሙ እንደገና ልኢኹ። ኣብኩሉ ከይዶም ንኹሎም ዝረኸብዎም ጥውያትን ሕሙማትን፥ ጻድቃንን ኃጥኣንን ዓዲሞም። ቤት መርዓ ብዕዱማት መሊኡ ኣጋይሽ ዳስ መሊኦሞ። ኣብዚ እዞም ኣጋይሽ እቶም ጎይታ ዝፈልጦም ኣይኮኑን ማንም ሰባት እዮም፥ ንሶም ንዕድመ ኣኽቢሮም መጺኦም። ዕድመ ኣኽቢርካ ምምጻእ ንርእስኻ ክብረት እዩ። ተዓዲምካ/ኪ

አሎኻ ክብሉና ከለዉ በዚ ሎሚ ድኣ ወጻኢታት እናበዝሐ እምበር ክብሪ እዩ። ዕድመ ክተኽብሩ ግቡእ እዩ። ዝዕድመካ ዘፍቅረካ ዘኽብረካ እዩ። ኣብ ሓደ ክንዕደሞ ዝግብኣና ውራይ እንተ ዘይተዓደምና ክንደይ ንጉሂ። እዝስ እዚኣስ ኣይዓደመንን እናበልና ንሓሚ። ስለዚ ዕድመ ክነኽብር እንከሎና ክብሪ ኣልኦ። እዚ ምሳሌ ነቲ ኣምላኽ ዕለት ዕለት ብቤተ ክርስትያኑ ብቃሉ ገሩ ዝዕድሞ እዩ ዘመልክት። ኣብ ፍቕሪ ኣብ ምሕረት ኣብ ሕድገት ክንሳተፍ ኩሉ ጊዜ ልኡኻት ይሰደልና። ኣብ ቤት ሰማያዊ ኣቦኻ/ ኣቦኺ ተመለሱ እናበለ ይዕድመና። በዚ ብሩኽ ሰንበት እምብኣር ኣብ ፍቕሪ ኣብ ምሕረት ክንምለስ ንዕደም ኣሎና። ኣምላኽ ምሳይ ሰንበት ሰንበት ክትውዕሉ እዕድመኩም ኣሎኹ ይብለና ኣሎ። ንዕድመ ኣምላኽ ኣቢና ኣብ ናይ ግሊ ጉዳይናን ናብራናን እንተ ኣተኮርና ምስ ኣምላኽ ርክብ የብልናንን እዚ ኸኣ ካብ ኣምላኽን ሰብን ፈልዩ የንብረና። ዕዱማት ኣምላኽ ኢና እሞ ዕድመና ነኽብር።

## ልብሲ መርዓ ምኽዳን፡

ኣብዚ ምሳሌ ኣብዚ ካልኣይ ዕድመ ካብ መጀመርያ ክንርእዮ ከሎና ፍሉይ ይመስል። ሰባት ካብ ጎደናታትን ካብ ዕዳጋን ተዓዲሞም ከብቅዑ ኣብ መንጎ ንሓደ ልብሲ መርዓ ኣይተኸድነን ተባሂሉ ግዳይ ፍርድን ምስጓግን ኮይኑ ንርእዮ። ማቴዎስ ነዚ ክነግረና ከሎ ብዛዕባ መጨረሻታ ፍርዲ ክዛረብ ስለ ዝደለ እዩ ዝመስል ዝብሉ ኣለዉ። እዚ ልብሲ መርዓ ተባሂሉ ዘሎ ንእምነትን ጥምቀትን ዝርኢ ኮይኑ ኣብ ወንጌል ዘልኦ እምነትን እዩ ዝገልጽ። ኣብ ቤት ኣምላኽ ክንኣቱ ከሎና ግርማ ዝመልኦ ክዳን ክንክደን ንኣምላኽ ዝበቅዕ ልብሲ ክንለብስ ግቡእ ምዃኑ ይገልጸልና። እቲ ዝዓበየ ልብሲ መርዓ ኣብ ልብና ኣብ ሕይወትና እነርእዮ ጠባይን ኣተሓሳስባን እዩ። ሰብ ብጠባዩ ኣዘራርብኡ ስሩዕ ካብ ኣፉ ዝወጽእ ሰናይ ክኸውን እንከሎ ኩሉ ይፈትዎ። ኣምላኽ ይሕጎስ። እዚ ልብሲ መርዓ እምብኣር ኣብ መንግስቲ ኣምላኽ ክንኣቱ እንከሎና ክንገብሮ ዝግብኣና እዩ ዝሕብረና። ወላ እኳ ክርስትያን ንኹን ግን ነቲ ዝድለ እንተ ዘይኣማላእና ኣብ መጨረሻታ ኣብ ፍርዲ ክንቀርብ ኢና። ሎሚ ንጸጋ ኣምላኽ መልሲ ክንህበሉ ንድለ ኣሎና።

ልብና ኣንጺሕና ኣብ ቤት ኣምላኽ ክንኣቱ ንዘሎና ኃጢኣት ብንስሓ ክንሓጽቦ እሞ ኣብ መኣዲ ኣምላኽ ክንቀርብ። ኩልና ሓደ ልብን መንፈስን ክንለብስ ከሎና ኣምላኽ ዝፈትዎ ሕይወት ሒዝና ክንጉዓዝ ኢና እንሕተት ዘሎና። ኣብ ሓጎስ ኣምላኽ ክንካፈል። ንምኣድን ዕድመን ኣምላኽ ጎሲና ከይንሓልፎ ምስትውዓል ይሓተና ኣሎ።

በዚ ሎሚ ዕለት እምብኣር ኣምላኽ ናይ ነፍስወከፍና ድሕነት ከምዝደሊ ንርኢ። ኣምላኽ ክኹነን ዝፈጠሮ ሰብ የለን። ኣምላኽ ኣብ መንግስቱ ተሳተፍቲ ክንከውን ኩሉ ጊዜ ይዕድመና። ንዕድመ ኣምላኽ ኣቢና ኣብ ዋኒና እንተ ኸድና ግን ፍርዲ ክጽበየና እዩ። ኣብ ቅዱስ መጽሓፍ ኣምላኽ መጀምርያ ንደቂ እስራኤል ዓዲሙ ድሕሪኦም ንኣረማውያን ከም ዝዓደመ ኢና እንርኢ። ሰባት ጽልእን ፍልልይን ምስኣብዝሑ ንመገዲ ኣምላኽ ሓዲጎም ነቲ ካብ ፍቕሪ ተበጊሱ ዝዓደመ ኣምላኽ ጸማም እዝኒ ሂቦሞ። ሎሚ እውን ንኣምላኽ ክሰምዑ ዘይደልዩ ኣብ ናቶም ድለትን ኣተሓሳስባን ጥራሕ ተወሲኖም ዝነብሩ ዓለምና ኣይወሓድዋን። እምብኣር ኣብ ልብና ንእቶ እሞ ኩልና ነቲ ኣምላኽ ብዝተፈላለየ መገዲ ዝህበና መጸዋዕታ መልሲ ክንህበሉ ፍቓደኛታት ንኹን።

ቅዱስ ጎርጎርዮስ ዓቢ ኣብ ጽሑፉ ነዚ ወንጌል ክገልጽ እንከሎ። እዚ መርዓ ተባሂሉ ዘሎ ኣብ መንጎ ክርስቶስን ቤተክርስትያን እዩ። እቲ ልብሲ መርዓ ተባሂሉ ዘሎ ኸኣ ጸጋ ፍቕሪ እዩ። እቲ ልብሲ መርዓ ከይተኸድነ ኣብ መርዓ ዝመጸ ኣምሳል እቶም ክርስትያን ኢና ዝብሉ እንተ ኾነ ፍቕሪ ዘይብሎም እዩ ዘመልክት ይብል። እሞ ሎሚ ዕድመ ኣምላኽና ክነኽብር ኩልና ንበገስ ዕድመና ሒዝና ኣብ ሓጎስ ኣምላኽና ንሳተፍ ነዚ ኸኣ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ